ናብ ዓለም ለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት(ዩዲኤችኣር) 100፡ ዓለም ለኻዊ ምምዝባል ብኽመይ ንቕንስን ሰብኣዊ መሰላት ንሕልዉን?

ብ ዶክተር ሳይሞን ኣዳምስ፣ ፕረዚዳንትን ዋና ፈፃሚ ስራሕን ሲቪቲ

ዓለምለኻዊ ኣዋጅ ሰበኣዊ መሰላት (ዩዲኤችኣር)ነቲ ዝቐረፆ ፀሊም ታሪክ ኣብ ግምት ከየእተኻ ምሉእ ዝኾነ ትርጉሙ/ኣድላይነቱ ምርዳእ ኣይካኣልን። የዲኤችአር ኣብ ፓላስ ደ ቻይሎት ኣብ ፓሪስ ብ 10 ታሕሳስ 1948 ተቐባልነት ረኺቡ። ዓሰርተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ዉሽጢ ኣዶልፍ ሂትለር ኣብ ደገ ሓደ ህንፃ፣ ታንክታቱ ኣብ መላእ ኣዉሮፓ እንዳተንቀሳቐሳ ከለዋ፣ ነዊሕ ሓወልቲ ኤፍኤል ድሕረ ባይታ ብምግባር፣ ሰዓራይነቱ ዘርኢ ስእሊ ኣቕሪቡ ነይሩ። ዓለምለኻዊ ኣህጉራዉያን ዲፕሎማሰኛታት ኣብ 1948 ኣብ ፓላስ ኣብዝተራኸብሉ እዋን፣ ናይቲ ብናዚዝምን ካልኣይ ዉግእ ዓለምን ዘስዐቦ ሙሉእ ስፍሓት ዘለዎ መከራ/ ስቓይ ብዘሐምም መንገዲ ተነፂሩ ተራኣዩ ነይሩ እዩ። እንተወሓደ 70 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ሞይቶም እዮም። ናይ ኦሽዊትዝ ናይ ጋዝ ክፍልታትን ራዕዲ ህልቂት ደቂ ሰባትን ተቓሊዑ ነይሩ። ፅዑቕ/ ኣልምሚት ድብደባ ቦመብ ከምእዉን ኣቶሚክ ተጠቒምካ ዝግበር ዉግእን ንመላእ ከተማታት ኣጥፊእወን ነይሩ። ኣዉሮፓ ዑና ኮይና ብሚሌናት ዝቑፀሩ ሰባት ድማ ስደተኛታት ኮይኖም ወይ ኣብ መዓስከር ተመዛበልቲ ይነብሩ ነይሮም።

ኣመፃፅኣ ዩዲኤችኣር ካብዚ ዘሐዝን ክዉንነት ዝወፀ ኮይኑ፣ እዚ ሓዱሽ ዘመን ግን ቡዙሕነታዊነትን ኣህጉራዊ ሕግን ይቀላቐል ከምዘሎ ንምምልካት ዝዓለመ እዩ። ዩዲኤችኣር በቲ 30 ሓፀርቲ ዓንቀፃቱ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ክፍሊ ዓለምና ንዘሎ ሕድሕድ ሰብ ተፈጥራዊ ዉህብትኡን ዘይኽላእ ምኳኑን ኣቐሚጡ እዩ።እዚኦም ድማ መሰል ዜግነት፤ መሰል ናይ ኣታሓሰስባ፣ሕሊናን ሓይማኖት ነፃነት ምህላዉ፤ ብሰለማዊ መንገዲ ናይ ምእካብን መሰል ወዘተ፣ ዘጠቓለለ እዩ።ዩዲኤችኣር ሕጋዊ ዉዕል ኣይኮነን፣ ኮይኑ ግን ንኹሎም ስዒቦም ዝመፁ ዉዕላት ፣ መሳርሕታትን ትካላትን ሰብኣዊ መሰላትዝቐረፀ እዩ። ኣብ ታሪኽ እቲ ዝበዝሐ ዝተተርጎመ ሰነድ እዩ- ልዕሊ 500 ትርጉም ፅሑፋት እዉን ኣሎዉ።

ማእኸል ዩዲኤችኣር ኩሉ ሰብ ‘” ካብ ወፅዓ ወፂኡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዑቑባ ሓቲቱ ክርባሕ/ ሩፉታ ክረክብ መሰል ኣለዎ ” ዝብል ዓንቐፅ 14 ተጠቒሱ ይርከብ። ዓንቐፅ 14 ኣብ ምፅዳቕ ናይቲ ኣብ 1951 ዝተዳለወ ዉዕል ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ስደተኛታት(ንናይ 1967 ፕሮቶኮል)፣ ቀንዲ ዓንዲ ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝኾነ ብቀጥታ ፅልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ሓደ ሰብ ዓዱ ገዲፉ ክስደድ ከግድዱ ዘኽእሉ ዓይነታት ጥሕሰትን ግህሰትን እዉን ኣብ ዩዲኤችኣር ብግልፂ ተገሊፆም ኣለዉ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣብ ምክልኻል ባርነት (ዓንቀፅ 4)፣ ብኢድ ወነንካ ሰባት ኣብ ቀይዲ ምዉዓል ወይ ምእሳር( ዓንቐፅ 9)፣ ከምእዉን ዝኾነ ሰብ “ ን ግፍዒ፣ ወይ ንጨኸነ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣታሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ዝተቓለዐ/ ግዳይ ክኸዉን ከመዘይብሉ” እዉን ( ዓንቐፅ 5) የረጋግፅ።

ስለዚ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ንዓለም ለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል ማእኸል (ዩዲኤችኣር)

ካብ ዘፅድቕ 75 ዓመት ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ማእኸል እቲ ዝዓበየ ቅልውላው ስደተኛታትን ዕቑባን ከምዘለና ምሕሳብ ዘገድስ እዩ።ብመሰረት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መወዳእታ 2022 ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 108 ሚልዮን ሰባት ብወፅዓ፣ ቅልውላውን ግፍዕን ተመዛቢሎም እዮም።እዚ ድማ 62.5 ሚልዮን ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮይኖም ዝተመዛበሉ፣5.4 ሚልዮን ሓተቲ ዕቑባን 35.3 ሚልዮን ስደተኛታትን ዘጠቓለለ እዩ።

ሕቡራት መንግስትታት(ዩኤን) ናይ 2023 ኣሃዛዊ ፀብፃብ ኣብ ዝወፀሉ እዋን፣ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኲናት ሕድ ሕድ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ኣብ ሱዳን ሓደሽቲ ተመዛቢልቲ 4 ሚልዮን ሰባት ሓዊስካ እዚ ቁፅሪ እዚ ኣዝዩ ክዓቢ እዩ።

ብመሰረት ዓመታዊ ፀብፃብ ነፃነት ኣብ ዓለም፣ ካብ ዓለም ለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል(ዩዲኤችኣር)ኣተገባብርኡ ብዓብዪ ዝተረኸበ፣``ዓለም ለኻዊ ናፅነት ንመበል 17 ተኸታታሊ ዓመት ኣብ 2022 ነክዩ እዩ።``ብዘይካ እቶም ካብ ዕጥቃዊ ውግእ ዝሃደሙ፣እዚ ምሽርሻር (ምንካይ)ሰብኣዊ መሰላትን ሲቪላዊ ናፅነትን ``ንምንታይ ኣብ ክፍሊ ዓለምና ካብ ሽዱሽተ ሰባት ሓደ ሕዚ ይመዛበል ዝብል እቲ ካልእ ዓብዪ ምክንያት እዩ።

ከምዚ ዓይነት መንገዲ ክኸውን ድማ ኣየድልን እዩ።ኣብ 1990ታት ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ስዒቡ ብዙሓት ግህሰት ዝፈጥሩ ምልኪታት ፈሪሶም ሓዱሽ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኣብ ካምቦድያ፡ሞዛምቢክ፡ኣንጎላን ካልኦት ቦታታትን ዝካየድ ዝነበረ ዕጥቃዊ ግጭት ንምፍታሕ ድማ ኣመቻቸዩ።ዓበይቲ መዓስከራት ስደተኛታት ሕሉፍ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝመስል።ብዘይካ ገለ ፍሉያት ፣ቁፅሪ ናይቶም ካብ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ሓለዋ ዘድልዮም ሰባት እናነከየ መፂኡ።ኣብ 1998 እቲ ቁፅሪ ትሕቲ 19 ሚልዮን ኮይኑ፣ካብዚ ናይ ሎሚ ቁፅሪ 17%ጥራሕ እዩ።

እዚ ዝመልከቶ ነገር እንተሃለወ ናይ ሎሚ ዓለማዊ ቅልውላው ምምዝባል ዘይፍታሕ ኣይኮነን፣ብፍላይ ድማ ሓደ ሰብ ሰለስተ ርብዒታት(76%) ስደተኛታት ካብ ሽዱሽተ ሃገራት ከም ዝመፁ ይሕሰብ-ሶርያ(6.5ሚልዮን)፣ዩክሬን(5.7 ሚልዮን)፣ኣፍጋኒስታን(5.7 ሚልዮን)፣ቬንዙዌላ(5.4ሚልዮን)፣ደቡብ ሱዳን(2.3ሚልዮን)፣ከምኡውን ሚያንማር(1.2ሚልዮን)።እዘን ሃገራት እዚኣተን ዝመሳሰላሉ ነገር እንተሃለወ፣ኩለን ዕጥቃዊ ግጭት የጋጥመን ምህላወን/ወይ ድማ ብናይ ኩሉ ህዝበን ሰብኣዊ መሰላት ክሕሎ ዘይደልዩ ወይ ዘይኽእሉ ምልካዊያን መንግስትታት ይግዝኣ ምህላወን እዩ።

ነዞም ዝንባለታት ምኽባርን ኣብ ግዚኡ ንዓለምለኻዊ ቁፅሪ ምምዝባል ብፍርቂ ምጉዳልን ንመበል ሚኢቲ ዓመት ምምስራት (ዩዲኤችኣር)ኣብ 2048 ይከኣል ይኸውን እዩ።እንተኾነ ግን ሓደሽቲ ኣቀራርባን(ኣገባባትን) ብዙሕነታዊ ምትእስሳርን ክሓትት እዩ።ልክዕ ከምቶም ቅድሚ 75 ዓመት ኣብ ፓላስ ደ ቻ ይሎት ዝነበሩ ልኡኻት፡ንሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊነትን ኣብ ቀንዲ ዓለም ለኻዊ ዲፕሎማሲ ዳግማይ ክነማእኽል የድልየና እዩ። ግን ኩለን ሃገራት ንሰብኣዊ መሰላት ዝበለፀ ትርጉም ብዘለዎ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ንቕድሚት ክጓዓዛ ክኽእላ ኣለወን፡

- ዓለም ለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል(ዩዲኤችኣር) ንናይ ሮማ ስርዓት ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበን ሓዊሱ ኣብ ውሽጣዊ ሕጊ ምውህሃድን ንኹሎም ቀንዲ ኣህጉራዊ መሳርሒታት ሰብኣዊ መሰላት ምፅዳቕ፣
- ፖለቲካዊ ምቹው ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራሕ ዝይኮነስ፣ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ንዝፍፀም ጥሕሰትን ግህሰታትን ሰብኣዊ መሰላት ብቕፃሊ ምቅዋም።ሲቪል ማሕበረሰብ ንምክልኻልን ንተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ትርጉም ዘለዎ ደገፍ ምሃብን ምሕጋዝን።

- ካብ ስደትን ግጭትን ንዝሃድሙ ውሑስ መተሓላለፊ መስመራት ምምስራት።እቲ ናብ መዓስከር ስደተኛታት ወይ ዕቑባ ዝግበር ጉዕዞ ካብቲ ኣድላይነቱ ንላዕሊ ቀታሊ ወይ ከቢድ ክኸውን የብሉን።

- ሃገራትካብ ሸኽሚ ዳግመ ምጥያሽ ስደተኛታት ብፅሒተን ከምዘዕብያ ነቲ ሕጋዊ መትከል ዘይምምላስ ብጥብቂ ከም ዝኽተላ ምርግጋፅ።
- ተሓታትነት ምንጋስ። ንሕጊ ዓለማዊ ማግኒቲስኪ ኣሜሪካ ከም ቅጥዒ ምጥቃም።ንብረት ተኸታተልቲ ገሃስቲ ሰብኣዊ መሰላት ምእንቲ ንምዕጋት ወይ ንምሓዝ፡ውሽጣዊ ሕግታት ምጥንኻር።

ዓለም ለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል(ዩዲኤችኣር)ብቢሮ ተነዲፉ ቅድሚ ላፕቶፕ ወይ ኢንትርኔት ምህላዉ ተቐባልነት ረኺቡ።ትሕዝቶ (ዩዲኤችኣር) ግን ዘየሃስስ ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ።ኣብ ዝቕፅሉ 25 ዓመታት እተን ዘመናዊ ሕቡራት ሃገራት ዝኾማ 193 ሃገራት ነቶም መሰላት ብተኸታታልን ብትብዓትን ክዕቅብኦ የድልያና።ለውጢ ኩነታት ኣየር ንኽፍለ ዓለምና ዘጋጥማ ዘሎ ዝዓበየ ናይ ህላወ ሓደጋ ክኸውን ይኽእል እዩ፣እንተኾነ ግን ሰብኣዊ መሰላትን ዓለማዊ ምምዝባልን ንናይዚ ግዜና ዓበይቲ ሞራላዊ ፈተናታት ኮይኖም ይቕፅሉ ኣለዉ።